# ኣብ ከለን ብዕለት 29 ግንቦት 2010 ንማሕበር ረድኤት ኤርትራ ኣብ ጀርመን ዝምልከት ዕዉት ሰሚናር ተኻይዱ

ኣቦ መንበር ማሕበር ረድኤት ኤርትራ ኣብ ጀርመን ማርቲን ዚመርማን በቲ ብማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ዝትገብረሉ ዕድመ መሰረት ብዕለት 29.05.2010 „ዕዉት ልምዓታዊ ሓገዝ ኣብ ኣፍሪቃ ንምሳሌ ኣብ ኤርትራ“ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ንሰራሕ እታ ማሕበርን ሰለምንታይ ክትዕወት ከምዝኽኣለትን  ዘተኮረ መብርሂታት ሂቡ ። ንሱ ኣብ መብርሂኡ ከምዝገለጾ፡ ኤርትራ ሓገዝ ኣይትቕበልን'ያ ዝብሃል መሰረት ዘይብሉ ግጉይ ሓበሬታ ምዃኑን፡ ኤርትራ ዝኾነ ንልዕላውነታ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየእቱን ንናይ ልምዓት መደባ ዘይገራጨን ሓገዝ ከም እትቕበል ክሕብር ከሎ እተን ኣለዋ ዝብሃላ ሓገዝ ዝህባ ውድባት ናብ ዓበይቲ ኢንዱስትሪታ ተቖይረን እቲ ዝህብኦ ሓገዛት ንረብሓኤንን ረብሓ መወልተን ጥራሕ ዘተኮረ ብምዃኑ፡ እቲ ሰጋብ ሕጂ ዝፈሰሰ ኣማእት ሚልዮናት ዶላር ኣብ ዝኾነት ሃገር ዘምጽኦ ለውጢ ከምዘየለ በንጻሩ ግን ብዙሓት ሃገራት ተጸበይቲ ሓገዝ ኮይነን ብሕልፊ ደርቂ ኣብ ዝርኣየሉ ጊዜ ኢደን ንሓገዝ ከወጣውጣ ይርኣያ ከምዘለዋ ኣርሒቕካ ከይከድካ ኣብ ብዓል ኬንያ ኢትዮጵያ ኡጋንዳ ጂቡቲ ይርአ ኣሎ። ኤርትራ ከምዚ ዓይነት ረድኤት ምስ ሃገራዊ ረብሓና ዝኸይድ ኣይኮነን ብምባል ከምዘይትድግፎ ድማ ገሊጹ። ኣሰራርሓ ማሕበር ረድኤት ኤርትራ ካብተን ናይ ኣልኦት ፍሉይ እዩ። እቲ ዝሕገዝ ሕብረተሰብ ነብሱ ክሕግዝ ንኽኽእል ምእንቲ ዝግበር ኮይኑ ኣብ ምሕንጻጽ ናይቲ ሮጀክትታትውን ተራ እለዎ። ሚዛናዊ ናይ ገንዘብ ክፍሊት እናተገብረሉ ድማ ተጸባዩ ሓገዝ ከይኮነ ናይ ሰራሕ እጃሙ የበርክት።

ኤርትራ ሓገዝ ኣይትቕበልን'ያ ዝብል ኣዘራርባ ንብዙሓት መንእሰያትን ወጻእተኛታት ደገፍቲ ኤርትራን ከደናግር ዝጸንሓ ኣርእስቲ ብምንባሩ ክልቲኦም ጉጅለታት ብዝያዳ ነቲ ትሕዝቶ መግለጺ ኣሞጊሶሞ። ንማሕበረ ኮም ከለን ድማ፡ እዚ ዓይነት ሓበሬታ ንኽረኽቡ ስለዘኽኣለቶም ኣድናቖቶም ገሊጾም።

እታ ማሕበር ኣብ 34 ዓመታት ዝገበረቶ ጾብጺብካ ሰለዘይውዳእ ሰጋብ ነጻነት ኣብ ሕክምናውን ቀረብ መግብን  ሰደኛታት  ዘተኮረ  ሰራሓት ከምዘካየደት ድሕሪ ነጻነት ግን ኣብ ዳግማይ ህንጻ ዘተኮረ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት ብምድሃብ ኣብ ሕክምና ኣብ ትምህርቲ ኣብ ቀረብ ጽሩይ ማይ ኣብ ማሕረስን ምህናጽ ንእሽቱ ዲጋታት ከም እትነጥፍ ክገልጽ ከሎ ብሰእልን ጽሑፍን ዝተሰነየ ብሩህ መግለጺ ይኹን እምበር ነቲ ዝቐረበሉ ሕቶ በብሓደ ኣዕጋቢ ዝኾነ መልሲታት ሂቡሉ። ማሕበር ረድኤት ኤርትራ ርእሳ ዝኸኣለ ማሕበር ኮይና ምስ ከም ብዓል ሃመር ፎርም፡ ምስታ ኣብ ከለን ዝመደበራ -መድኬር- ዝተባህለት ማሕበር ዝኣመሰላ ኣብ ኤርትራ ዝነጥፋ ማሕበራት እውን ከምእትተሓባበር ክግለጽ ከሎ ምስተን ዝጠቐሰን ናይ መንግስቲ ኤርትራ ሚኒስትሪታት ጽቡቕ ምትሕብባር ከምዘሎ ገሊጹ። እታ ማሕበር ብጀካዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሰረሓት ሓደ ዓቢ ግምት እትህቦ ጉዳይ ድማ፡ ጽሑፋት ብምቕራብን ካልእ መንገድታት ብምጥቃምን ሓበሬታ ብምዝርጋሕ ኣብ ጀርመን ዘሎ ኣፍለጠ ብዛዕባ ኤርትራን ታሪኻን ህሉው ኩነታት እታ ሃገርን ሓፍ ብምባል፡ ኣብ መንጎ ጀርመንን ኤርትራን ከምኡውን ኣብ መንጎ እቲ ክልተ ኣህዛብ ዘሎ ዝምድና ምጥንኻር ዝዓለመ ምዃኑ ተገሊጹ።

ማርቲን ዚመርማን ኣብ መግለጺኡ ካባና ዝጽበዮ ብዙሕ ነገርኳ እንተሎ፡ እቲ ብቐሊል ክግበር ዝኽእል ነገራት ከም ኣብነት ኣባላት እቲ ማሕበር ክኾኑ ዝደልዩ ምርካብ፡ መነጽር ዓይኒ ኣብ ምእካብ፡ ንኣካለ ስንኩላን ክገልግሉ ዝኽእሉ ከም ምርኩስ ዓረብያ ዝኣመሰሉ ነገራት ኣብ ምእካብ ምንጣፍ ኣድላዪ ምዃኑ ሓቢሩ። ንዝቐረበሉ ሕቶታት ጽቡቕ ጌሩ ድሕሪ ምምላስ ድማ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ቦታን ብምኻድ ከምኡ ዓይነት ሓበሬታ ንኽህብ ቅሩብ ምዃኑ ብምግላጽ ድማ እቲ ሰሚናር ተደምዲሙ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና
ዓወት ንሓፋሽ